# በዐለ ዘመስቀል

## መስከረም 17 2018 ዓ.ም. (9/27/2025)

ንባባት፡ (ዘኍ 21፡4-9) ፍሊጲስዩስ 2፡6-11፥፩ጴጥ 2፡20ፍ ግ.ሓ. 2፡22-37፥ዮሓ 3፡13-17።

ምስባክ፡ 1. ወወሃብኮም ትእምርተ ለእለ ይፈርሁከ፥ ከም ያምስጡ እምገጸ ቀስት፥ ወይድኃኑ ፍቁራኒከ።

2. ወረከብናሁ ውስተ ያመ ገዳም፥ ንበውስእ እንከሰ ውስተ አብያቲሁ ለእግዚአብሔር፥ ወንሰግድ ውስተ መካን ፡ኀበ ቆመ እግረ እግዚእና።

አብ ብዓለ መስቀል ሰለስተ ታሪኻውያን ፍጻሜታት ዘኪርና ነብዕል፡

1. ተረክቦተ መሰቀል ብቅድስት ኤለና አደ ንጉሥ ቆስጣንጢኖስ። ድሕሪ ሞትን ትንሣኤን ክርስቶስ መራሕቲ አይሁድን ሰበስልጣን ሮማን አብ ኢየሩሳሌም ነቲ ክርስቶስ ዝተሸቕለሉ ቦታን መቓብሩ አብ ጀርዲን አብቲ ጥቓ ዝተሰቕለሉ ዝነበረ አፅንዮሞ። ነቲ ቦታ ብምልኡ ሓመዱ ንላዕሊ ገሮም ሓዲስ ቤተ መቕደስ አብ ልዕሊኡ ሃንጾምሉ። እቲ ክርስቶስ ስተሸቕለሉ መስቀል ጨሪሹ ጠፊኡን ተቐቢሩን።

ትውፊት ከም ዝብለናን ከምኡ ብቅዱስ ቄርሎስ ብዓል ኢየሩሳሌም ብ348 ከም ዝብሎ ቅድስት እለና አብ ጥቓ ሞታ ብሰማያዊ ግልጸት ተሓቢራ ንኢየሩሳሌም ከይዳ ብ326 አብቲ ኢየሱስ ዝተሰቕለሉ ንመስቀል ንምርካብ ኵዕታ አካይዳ ነቲ ሓቀኛ መስቀል ክርስቶስ ከአ ክትረክብ ክኢላ።

ሓደ አይሁዳዊ ይሁዳ ዝተባህለ እዩ ነቲ ኹዕታ ዝሓገዘ። ንሱ እቲ መስቀል አበይ ከምዘሎ ዝሕብር ዛንታ ነርዎ እዩ በዚ ኸአ እቲ መስቀል ተቐቢርሉ ዝነበረ ቦታ ምስ ኮዓቱ አብኡ ሰለስተ መሳቕል ተረኺበ። ትውፊት ክልተ ነገራት ይነግር። ሓደ አብ ሓደ ካብቲ መሳቕል Iesus Nazarenus Rex Iudaeorum Jesus of Nazareth, King of the Jews ዝብል ጽሑፍ አብታ ኢየሱስ ዝተሰቕለላ ተረኺቡ ይብል። እቲ ካልአይ ትውፊት ግን እቲ ጽሑፍ አይነበረን ቅድስት ኤለናን ቅዱስ መቃርዮስን አቡን ናይ ኢየሩሳሌም ሓደ ካብዚ መሳቕል እቲ ሓቀኛ መስቀል ምዃኑ ገሚቶም እተን ክልተ መሳቕል ከአ ናይ እቶም ክልተ ብየማኑን ብጸጋሙን ዝተሰቕሉ ክልተ ዓመጽቲ እየን። ነቲ ሓቀኛ መስቀል ከለልዩ አብ ሓደ ትውፊት ነቲ መሳቕል አብ ሓንቲ አብ ሞት ቀሪባ ዝነበረት ሰበይቲ ወሲዶሞ በቲ ሓቀኛ መስቀል ምስ ተንከፍዋ ካብ ሕማማ ሓውያ ይብል፥ እቲ ካልአይ ትውፊት ከአ ናይ ንሓደ ሬሳ አብቲ መስቀል ምስ አንበርዎ ትንሢኡ ይብል። በዚ ነቲ ሓቀኛ መስቀል አለልዮሞ ይብል።

2. ቆስጣንጢኖስ አብቲ ኢየሱስ ዝተሰቕለሉ ክልተ ቤተ ክርስትያን ሃኒጹ። ሓንቲ አብ Holy Sepulchre ዝተቐብረሉ፥ ካልአይቲ ኸአ አብቲ መስቀል ዝተሰቕለሉ አብ ጎቦ ቀራንዮ። እዘን ክልተ ቤተ ክርስትያን አብ መስከረም 13ን 14 ብ335 ተመሪቐን ንጽባሒቱ ኸአ Exaltation of the Cross መስቀል ዝተላዕለሉ/ ዝተተኸለሉ/ ዝኸበረሉ ተባሂሉ ብዓል ተገሩ። እቲ ብዓል በብቑሩብ ካብ ኢየሩሳሌም ናብ ካልኦት አብያተ ክርስትያናት

ክዝርጋሕ ጀሚሩ ብ720 አቢሉ አብ ኩሉ ብሓባር ይብዓል ነሩ። ነዚ ሎሚ እውን ዘኪርና ነብዕል አሎና።

3. **ናይ መስቀል ብዳግም አብ ኢየሩሳሌም ምምላሱ ብንጉሥ ሄርቕሊጦስ ዳግማዊ።** አብ ሻብዓይ ክፍለ ዘመን ፋርሳውያን ንኢየሩሳሌም ስዒሮም ሒዞማ ፋርሳዊ ንጉሥ Khosrau II ዝተባህለ ነቲ ሓቀኛ መስቀል ማሪኹ ንሃገሩ ናብ ፔርስያ ወሲድዎ። እንተ ኾነ ንጉሥ ሄራቕሊጦስ ዳግማዊ ንንጉሥ ፔርስያ አብ ውግእ ስዒርዎ፣ ንጉሥ ፐርስያ ብገዛእ ወዱ ተቐቲሉ። ብ628 ነቲ መስቀል አብ ሄራቕሊጦስ መሊሶሞ። ብ629 ሄራቕሊጦስ መጀመርያ ነቲ መስቀል አብ ቊስጥንጥንያ ወሲድዎ ድሕሪኡ አብ ኢየሩሳሌም ክወስዶ ወሲኑ። ትውፊት ከምዝብሎ ንጉሥ ባዕሉ ተሰኪሙ እናመለሶ እንከሎ ልብሰ ንግሥነቱ ለቢሱ አብ ቤተ ክርስትያን አብ ቀራንዮ ዝነበረት እናአተወ እንከሎ ሓደ ብርቱዕ ሓይሊ ደው አቢልዎ። ፓትርያርክ ዘካርያስ ናይ ኢየሩሳሌም በቲ ጊዜ ዝነበሩ እቲ ንጉሥ ክአቱ ይቃለስ ከምዘሎ ምስ ረአዩ ልብሰ ንግሥነቱ ዘውጹን ከውጽእ ነጊሮሞ ድሕሪኡ ልብሰ ንስሓ ገምድ ንስሓ ክዕጠቕ ነጊሮሞ። ሽዑ ሽዑ ንጉሥ ምኽሪ ፓትርያርክ ዘካርያስ ምስ ሰምዐ ነቲ መስቀል ተሰኪሙ አብ ቤተ ክርስትያን ክአቱ ክኢሉ።

## ስለምንታይ ኢና ብዓለ መስቀል እነኽብር?

እቲ መልሲ ቀሊል እዩ፥ መስቀል ፍሉይ እዩ ምኽንያቱ ክርስቶስ መጋበሪ ድሕነትና ስለ ዝገበሮ። ግን ድሕሪ ትንሣኤ ስለምንታይ አብ መስቀል ክንጥምት ንግደድ። ገለ ክርስትያን በዚ መሰረት ክብሪ መስቀል የብሎምን፥ ገለ ኽአ አብቲ ዝገብርዎ መስቀል ናይ ክርስቶስ ስቕለት አይገብሩን ምኽንያቱ ድሕሪ ትንሣኤ ክርስቶስ አብ መስቀል አይ ኮነን ዝርከብ ይብሉ። እንተ ኾነ እቲ መልሲ ክርስቶስ ባዕሉ መሊሱልና እዩ፥ ዝኾነ ሰብ ደድኅረይ ኪስዕብ ዚደሊ ገዛእ ርእሱ ይኽሓደ መዓልቲ መዓልቲውን መስቀሉ ተሰኪሙ ይስዓበኒ (ሉቃ 9፡23)። ምስጢርን ትርጉምን ናይ ገዛ ርእስና መስቀል ክንስከም እንከሎና ተጋድሎ ጥራሕ አይ ኮናን እንገብር ዘሎና መስቀልና ክንጸውር ከሎና አብ መስዋዕቲ ክርስቶስ አብ መስቀል ዝተቐበሎ ሞት አብኡ ንሳተፍ።

መስዋዕቲ ቅዳሴ ክነዕርግ እንከሎና መስቀል አብኡ አሎ። እቲ አብ መንበረ ታቢት እነዕርጎ መስዋዕቲ ደም ዘይብሉ መስዋዕቲ እዩ፥ ንሱ ኸአ ነቲ ናይ ክርስቶስ መስዋዕቲ አብ መስቀል ከም ብሓዲስ ህያው ይገብሮ። ቅዱስ ቍርባን ክንቅበል እንከሎና ርእስና ምስ ክርስቶስ ጥራሕ አይ ኮናን ነወሃህድ፥ አብ መስቀል ኢና እንሽንከር፥ አብ መስቀል ንመውት ምስኡ መታን ክንትንሥእ።

ቅዱስ ጳውሎስ አይሁድ ምልክት ይልምኑ፥ ግሪኻውያን ድማ ጥበብ ይደልዩ፥ ንሕና ግና ነቲ ንአይሁድ ዕንቅፋት፥ ነህዛብ ከአ ዕሽነት ዝኾነ ዝተሰቕለ ክርስቶስ ንሰብኽ አሎና (1ቆሮን 1፡ 22-23) እናበለ ምስ መስቀል ክርስቶስ ዘሎና ሓድነት ይገልጽ። ሎሚ አብ ዓለምና ክርስትያን ዘይኮኑ ንመስቀል ከም ዕሽነት ዝቖጽርዎ ብዙሓት እዮም። እንታይ ዓይነት መድኃኒ እዩ ብሞት ዓውት ዘምጽእ?

ንአና ንክርስትያን መስቀል ናይ ታሪኽን ናይ ሕወት ኦም ዝተራኽባሉ እዩ። ክርስትና ብዘይ መስቀል ሓንቲ ትርጉም የብሉን። ርእስና አብ መስዋዕቲ ክርስቶስ አብ መስቀል ሓደ ምስ ገበርና ጥራሕ ኢና ተሳተፍቲ ዘለዓለማዊ ሕይወት እንኸውን።

**ብዓለ መስቀል ብዓል ዓወት እውን ይብሃል እዩ፥** ናይ ፍቕሪ ዓወት አብ ልዕሊ ጽልእን ክሕደትን እዩ። አብ ጌተ ሰማኒ ኢየሱስ ነቲ በብኡ ዝተዋህቦ ተልእኮ መስቀል ክጽውር ብምሉእ ርእሱ

ኣወፊዩ ምእንቲ ድኅነት ደቂ ሰብ ንመስዋዕቲ ሕራይ ኢሉ ተቐቢሉ። ፍሽለትን ሕፍረትን ይምሰል እምበር ሃናእ ኣይበለን ንቅድሚት ቀጺሉ፥ኣብ ተልኮኡ ንሓቂ ክሰብኽ ኣምላኽ ሓቂ ከምዝኾነ ክሰብኽ ድሕሪ ኣይበለን፥ ንኃጥኣን ናብ ኣምላኽ ክስሕብ ኢሉ ምስኦም በሊዑ፥ ነዚ ኣብ ግብሪ ከርኢ ነቶም ናይ ግዚኡ ዝነበሩ ናይ እምነት ትጽቢታት ሓዲጉ ኣብቶም ንኣምላኽ ዝደልዩ ኮለል ኢሉ። ኣብ ሓደ እዋን ከምዝበሎ ተልእኮኡ ብምሉእ ነጻ ከውጽኣና እዩ (ዮሓ 10፡ 10)። ናይ ሞት ፍርሒ ካብ ተልእኮኡ ንድሕሪት ክስሕቦ ኣይደለየን **ኣቦ ፍቓድካ እምበር ፍቓደይ ኣይኹን ኢሉ** (ማቴ 26፡39) ንጽዋዕ ሕፍረትን ሞትን ተቐቢሉ።

ኣብዚ እንነብሮ ዓለም ፍቕሪ ክህሉ ሕድገት ክህሉ ከምዘድሊ ኢየሱስ ብንጹር ሰቢኹ። ኣብ መስቀል እንከሎ ከምዚ እናበለ ክጽሊ ተሰሚዑ ኦ ኣቦይ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ምሓሮም (ሉቃ 23፡34)። እዚ ሕድገት እዚ ነቶም ተኸተልቱ እውን እዩ። ንጴጥሮስ ሰለስተ ጊዜ ተፍቅረኒ ዲኻ እናበለ ሓቲትዎ (ዮሓ 21፡17) በዚ ኣቢሉ ኸአ ፍቕሩ ከገልጸሉ ዕድል ሂብዎ። ናይ ኢየሱስ ሕድገት ንጴጥሮስ እውን የድልዮ እዩ ነሩ። ንኢየሱስ እውን ጴጥሮስ ንተልእኮ ፍቕሪ ከብጽሕ ነባግው ክምግብ ከንጽሖ ነርዎ።

ኢየሱስ ንቤተ ክርስትያኑ ኣብ ትሕቲ ዝሓዲግ ዝምሕር መሪሕነት እዩ ሓዲግዋ። ንሱ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ኣብ ማእከላ ከምዘሎ ኣረጋጊጹላ እዩ። ሎሚ እውን ኣብ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን ክንቀርብ እንከሎና ምሳና ምስ ኃጥኣን ይምገብ ኣሎ። ቤተ ክርስትያን ብኃጥኣን ዝመልአት ካብ ናይ ሓደ ግለ ሰብ ዝግብሮ ኃጢአት ዝበዝሕ ዘለዋ እያ። ግላዊ ኃጢአትና ንማሕበርና ይጸልዋ እዩ፥ ምኽንያቱ ቤተ ክርስትያን ሰውነት ክርስቶስ ስለ ዝኾነት ሓደ ኣካል ክሳቐ እንከሎ ምሉእ ሰውነት እዩ ዝሳቐ በዚ ኸአ ናይ ሓደ ኣባል ወይ ኣካል ሰውነት ቤተ ክርስትያን ንኹላ ቤተ ክርስትያን ይጸሉ።

ኣብ ጉዕዞ ሕድገትን ምሕረትን እንከሎና ንተልእኮ ቤተክርስትያን ተግባራዊ ክንገብር በርቲዕና ክንሰርሕ ይግብኣና። ንስሓን ትሕትና ለቢስና ክርስቶስ ኣብ ማእከል እታ ኃጥእ ቤተ ክርስትያን ከምዘሎ ንኹሎም ናቱ ኣብ ፍቕሪ ክምለሱ እሞ ነቶም ዝበደልዎም ክንምሕሩ ይደልዮም። ስለዚ ኃጢአትና ክንፈልጥን ክነለልን ኣሎና።

ብዓለ መስቀል ክነኽብር እንከሎና ፍሉይ ነገራት ኣሎ ክንዝክሮ ዘሎና፡

1. **መስቀልና ኣለሊና ክንክእል።** መስቀሉ ከለሊ ዝኽእለ ክጾር ክቕበሎ ኣይከብዶን እዩ። መጠን ዘለልናዮ መጠን ዕብየትን ጣዕሚ ምጻርና ክነለሊ ኢና። መስቀል ክጽወር ዘለዎ እምበር ዝድርበ ወይ ዝሕደግ ኣይኮነን።

2. **ዕለት ዕለት መስቀልና ክንጸውር እዩ ድላይ ኣምላኽ።** ንዝተዋህበና መስቀል ናይ ዓወትን ክብርን መጋበሪ ክንገብሮ እንከሎና ጥራሕ እዩ ዕግበት ዝህበና። መስቀል ክንጸውር እሞ ኣብ ኅቦ ቆራንዮና ክንስቀል እዩ እቲ ጉዕዞ። ብዘይ ኣብ መስቀል ሞት ትንሣኤ ኣይክህሉን እዩ።

3. **መስቀሎም ምጻር ንዝደኸሙ ምሕጋዝ።** ስምዖን ንኢየሱስ ኣብ መገዲ ቀራንዮ ነቲ ከቢድ መስቀል ሓጊዝዎ። ሎሚ ንሕና እውን ንብዙሓት ኣሕዋትና መስቀል ከቢድዎም ንዘለዉ ክንሕግዞም ክንመኽሮም ድላይ ኣምላኽ እዩ፥ መስቀል ክቕይሩ ኣይንሓግዝ።

4. **ምልክት መስቀል ኣብ ኵሉ ከምዝርአ ምግባር።** መስቀልና መግለጺ እምነትና ስለ ዝኾነ ከሕፍረና የብሉን። ባህልና ኣልባሳትና ከምኡ ኣስማትና ብዙሕ ንመስቀል ዝሕብር

አልኦ። ሎሚ እውን መስቀል አብ ኵሉ ክነርእዮ ክንምስክሮ ግቡእና እዩ። መስቀል ዘይብሉ ክርስትያን መለለዪ የብሉን። መስቀልካ/ኪ አበሎ ንብሃሃል።

ብሩኽ መስቀል በረኞ ሰላምን ዕርቅን ምሕረትን ዝነግሰሉ ይግበረልና። ዓድና ዓዲ ሰላምን ሕውነትን ይግበርልና። ብሩኽ ብዓለ መስቀል።

ኣብ ንጉሠ ፍሥሓ